መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# ዮናስን እቲ ዓብዩ ዓሳን



ጸሓፊ ፦ Edward Hughes

ገላጺ ፦ Jonathan Hay

ኣወሃሃዲ፣ Mary-Anne S.

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ዮናስ ዝስሙ ሰብኣይ ኣብ ምድሪ እስራኤል ይነብር ነበረ፣ ሓደ መዓልቲ ኣምላኽ ናብታ ኣብ ዓለም ካብ ዘለዋ ኸተማታት እታ ዓባይን ሓያልን ዝነበረት ነነዌ ኪኸይድ ነገሮ።




ዮናስ ንኹሎም እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ሰባት ኣምላኽ ክሳዕ ክንደይ እኩያት ምዃኖም ከም ዚፈልጥ ኬጠንቅቖም።



ዮናስ ግን ን ኣምላኽ ኣይተኣዘዘ፥ ናብ ነነዌ ኣብ ክንዲ ምኻድ ብመርከብ ተሰቒሉ ናብ ኣንጻር ኣንፈት ተጓዒዙ ናብ ተርሲሽ ዚብሃል ቦታ ኸደ።




ጐይታ ድማ ብርቱዕ ንፋስ ናብ ባሕሪ ብምስዳድ ፡ ማዕበል ኣልዓለ! እቶም ባሕረኞታት ድማ እታ መርከበ ከይትሰብርን ከይትጥሕልን ፈርሁ።




እቲ ማዕበል እናገደደ ምስ ከደ እቶም ባሕረኛታት ኣዝዮም ረዓዱ ናብ ኣማልኽቶም ድም ክጽልዩ ጀመሩ፡ ነታ መርከብ ምእንቲ ኼፍኩሱላ ከኣ ንኹሉ እቲ ጽዕነት ናብ ባሕሪ ደርበይዎ፡ እዚ ግን ሓጋዚ ነገር ኣይነበረን።



ኣብታ ጃልባ ዘይጽሊ ሰብ ኣይነበረን፡ ዮናስ ጥራይ ኣብ ውሽጢ እታ መርከብ ደቂሱ ነበረ እሞ እቲ ሓለቓ መርከብ "እንታይ ኢኻ ትገብር ዘለኻ፡ ተንስእ፡ ናብ ኣምላኽካ ድማ ጸልይ፡ ምናልባት ኣምላኽ ከይንጠፍእ ይዝክረና ይኸውን በለ።



እቶም ባሕረኛታት ነዊሕ ከይጸንሑ ጸገሞም ምስ ዮናስ እተተሓሓዘ ምዃኑ ኣረጋገጹ፡ ካብ እግዚኣብሄር ይሃድም ከም ዘሎ ድማ ነገሮም፡ ንሳቶም ከኣ "እዚ ባሕሪ ምእንቲ ክሃድእ'ሲ እንታይ ንግበሮ በሉ፡ ዮናስ ከኣ "ኣልዒልኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ" በሎም "እዚ ብርቱዕ ማዕበል እዚ ብሰንከይ ከም ዝመጸ ርግጸኛ እየ።



እቶም ባሕረኞታት ንዮናስ
ናብ ባሕሪ ኺድርብይዎ
ኣይደለዩን ነይሮም፡ ነታ
መርከብ ድማ ናብ ምድሪ
ከውጽእዋ ኣበርቲዖም ጸዓሩ
ግናኸ ኣይከኣሉን፡ ከገብሮ
ዘለዎም ሓደ ነገር
ጥራይ እዩ ነይሩ!



እቶም ባሕረኛታት ይቕረታ ኺግበረሎም
ድሕሪ ምጽላይ ንዮናስ
ኣልዒሎም ናብቲ
ባሕሪ ደርበይዎ፡
ዮናስ ኣብ ትሕቲ
እቲ ማዕበል ምስ
ጠፍአ እቲ ባሕሪ
ህድእ በለ፡ እቲ ንፋስ ድማ ጠፍአ፡
እቲ ሃንደበታዊ ለውጢ ድማ ነቶም
ባሕረኛታት ካብቲ ማዕበል ንላዕሊ
ኣፍርሆም; ከምዚ ክገብር ዚኽእል
ኣምላኽ ጥራይ ምኳኑ ድማ ፈለ፡
ብፍርህን ብምግራምን
ድማ ኣምለኹ።




እዚ ኸምዚ ኢሉ ኸሎ እቲ
ዘይእዙዝ መልእኸተኛ ዘይተጸበዮ
ነገር ኣጋጠሞ፡ ዮናስ ኣብ
መዓሙቕ ባሕሪ ኺጥሕል
ከሎ ካብ ምጥሓል ኬድሕኖ
ዚኽእል ዋላ ሓንቲ ነገር ከም
ዘየለ ይፈልጥ ነበረ፡ ኣምላኽ
ግና ካልእ መደበ ነበሮ።



ጎይታ ድማ ንዮናስ ዚውሕጦ ዓብዪ ዓሳ ኣዳለዎ፡ እቲ ዓሳ ኣብ ሰዓቱ እዩ ተረኺቡ፡ ብሓንቲ ኩ ሓደ ግዚ ድማ ዮናስ ተዋሒጡ ካብ ባሕሪ ናብ ከብዲ ዓሳ ኣተዉ፡ ዮናስ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓሳ ንሰለስተ መዓልቲ ጸንሐ፡ ንኪሓስብን ንኪጽልን ድማ ብዙሕ ግዜ ነበሮ ።



ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ዮናስ ንኣምላኽ ከም ዚእዘዝ ተመባጽዐ፡ ብኡንብኡ ድማ ኣምላኽ ነቲ ዓሳ ንዮናስ ናብቲ ገምገም ባሕሪ ክተፍኦ ኣዘዞ።



ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ንዮናስ ናብ ነነዌ ከይዱ ቃል ኣምላኽ ኪሰብኽ ነገሮ፡ ዮናስ ድማ ተኣዚዙ ናብታ ኸተማ ኣትዩ "ነነዌ ኣብ ውሽጢ እዘን ኣርብዓ መዓልቲ ኽትግልበጥ እያ" ኢሉ ይሰብክ ነበረ፡




ህዝቢ ነነዌ ንቓል ኣምላኽ ስለ ዝኣመኑ ምግቢ ከይበልዑ፡ ወጮ ተኸዲኖም ካብ ሓጥኣቶም ከም ዝተነስሑ ንኣምላኽ ገለጹ፡ እቲ ንጉስ ከይተረረፈ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ርእሱ ብምትሓት ካብ ዝፋኑ ወሪዱ ወጮ ተኸዲኑ ኣብ ሓምኾሽቲ ተቐመጠ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ድማ ካብቲ እኩይን፡ ናይ ዓመጽ መንገዲ ክምለስን፡ ምሕረት ንምርካድ ድማ ናብ እግዚኣብሔር ክጽሊ ኣዘዘ።



ኣምላኽ ድም ይቕረ በለሎም! እቶም ህዝቢ ከኣ ምሕረት ከም ዝተገብረሎም
ምስ ተረድኡ፡ እዛ መዓልቲ ንሰብ ነኔዌ ብልጽቲ ናይ
ሓጐስ መዓልቲ ክትከውን ኣለዋ።





ዮናስ ስለምንታይ እዩ ተቖጢዑ፡ እቲ ንኣምላኽ ዝሃብ መልሲ፡ ንስኻ ጻጋዊ ፡ መሓሪ ፡ ንቑጥዓ ደንጉዩ፡ ብለውሃት ድማ ዓቢ ምዃንካ ይፈልጥ እየ በሎ: እዚ ድማ ዮናስ ኣምላኽ ነቶም ብኃጢኣቶም ዚሓዝኑን ንቓል ኣምላኽ ዚእዘዙን ኩሉ ግዜ ይቕረ ከም ዚብሎም ይፈልጥ ነይሩ እዩ፡ ግን ዮናስ ንህዝቢ ነኔዌ ኣይፈትዎም ነይሩ ከኸውን ኣለዎ፡ ምሕረት ክግበረሎም ኣይደልን ነይሩ።

ዮናስ ብኣምላኽ ኣዝዩ ስለ ዝተቖጥዐ፡ “ነፍሰይ ካባይ
ውሰድ፤ ካብ ህይወት ሞት ይሕሸኒ ኢሉ መለሰሉ።




ዮናስ ኣብ ደገ እታ ኸተማ ኮፍ ኢሉ ኣምላኽ እንታይ ከም ዝገብር ይጽበ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ድማ ዓቢ ቆጽሊ ዘለዎ ተኽሊ ኣዳለወ፡ ቀልጢፉ ድማ ዓበየ፡ ንዮናስ ድማ ምሉእ መዓልቲ ካብቲ ጸሓይ ኣጽለሎ።



ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ ኣምላኽ ሓሰኻ ሰደደ፡ እቲ ሓሰኻ ድማ ነታ ተኽሊ ቀተላ፡ ድሕሪኡ እግዚኣብሄር ብርቱዕን ውዕይን ንፋስ ሰዲዱ ጸሓይ ንዮናስ ርእሱ ከም እተቃጽሎ ገበረ፡ ሽዑ ዮናስ ሞት ተመነየ እዚ ድማ ደጊሙ ንዮናስ ዝያዳ ኣሕረቖ።



ሽዑ እግዚኣብሄር ንዮናስ፡ ‘’ክትቁጣዕ ይግባኣካ’ዶ’’
በሎ፡ በዛ ብሓንቲ ለይቲ ዝበቆለትን፡ ብሓንቲ ለይቲ
ድማ ዝጠፍኣት ዋላ ሓንቲ ዘይዓየኻላን ዘይዕበኻያን
ተኽሊ፡ ትሓዝን ኣሎኻ፡ ስለምንታይ'ከ ኣነ
ነታ ዓባይ ከተማ ነነዌ ምስ ኣሽሓት
ህዝባ ዘይርህርሓራ።



# ዮናስን እቲ ዓብዪ ዓሳን

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዮናስ

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

26

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16